ቤት ማዘጋጃ እንትጮ ኣብ 2011 በጀት ዓመት ናይ 2ይ ፍርቂ ዓመት ዝተፈላለዩ ዓይነት ናይ ፅሕፈት መሳርሒ ፣ኤሌክትሮኒክስ ፣ናይ መብራህቲ ናውቲ /ኣቅሓ/ ብጨረታ ኣወዳዲሩ ክገዝእ ስለዝደለየ ዝምልከተኩም ሕጋውያን ነጋዶ ንክትወዳደሩ ይዕድም።

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ዓርቢ የካቲት 29, 2011 (ልዕሊ 7 ዓመታት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: መጋቢት 11, 2011 8:00 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:1000.00
- ቦታ:እንትጮ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:150
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: መጋቢት 11, 2011 8:30 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ኤሌክትሪካልን መሳርሕታትን መለዋወጢን/ ኤሌክትሮኒክስ መሳርሕታትን መለዋወጢን/ ናይ ፅሕፈት መሳሪሕታተት/

1 ብዘርፆ ናይ ዘመኑ ዝተሓደሰ ፍቃደ ዘሐደስኩም፤

2 ካብ ትልምን ፋይናንስን ዝተሓደሰ ናይ መቅረባይነት ምስክር ወረቀት ዘለኩም ቫት ዝተመዝገብኩምን እቶትኩምን ናይ ታሕሳስ 2011ዓ/ም ዘፍለጥኩምን፤

3 መለለይ ቲን ቁፅሪ ዘለኩምን ንክትወዳደሩ እንትንዕድም፤

4 ተጫረቲ ናይ ጨረታ ሰነድ ዘይመለስ ንሕድሕዶም 150.00 ብር ብምኽፋል ካብ እንትጮ ከ/ስ/ዕ/ፋይ/ምም/ር/ንብረት ምውሳድ ይከኣል።

5 ተጫረቲ ጨረታ ቅድሚ ምኽፋቱ መኽበሪ ጨረታ /ቢድ ቦንድ/ ነንሕድሕዶም 1000.00 ብጥረ ገንዘብ ወይ ብባንኪ ዝተረጋገፀ ቼክ ከትሕዝ ዝኽእል፤

6 ጨረታ ኣሸናፊ ምስተፈለጠ ኣብ ውሽጢ 5† መዓልቲ ውዕሊ ዝኣስር ፤

7 ናይ ጨረታ ሰነድ እዚ ምልክታ ካብ ዝተጋወሐሉ ዕለት 26/06/2011 ዓ/ም ጀሚሩ ኩሉ ግዜ ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓት ካብ ቤት መዘጋጃ ከተማ እንትጮ ደ/ከ/ስ/ዕ/ፈይ/ምም/ር/ንብረትን 15†ተኽታተልቲ ናይ ስራሕ መዓልቲ ምወሳድ ይከኣል።

8 ተጫረቲ ናይ ጨረታ ሰነድኩም ብዝተዓሸገ ፖስታ ነዚ ተባሂሉ ናብ ዝተዳለወ ጨረታ ሳንዱቅ ክተእትው እትኽእሉን ስርዝ ድልዝ ተቀባልነት የብሉን።

9 ጨረታ ዝዕፀወሉ ዕለት 11/07/2011 ዓ/ም ሰዓት 8:00 ቅ.ቀትሪ ዝኽፈተሉ ድማ 8:30 ቅ/ቀትሪ ተጫረቲ ወይድማ ሕጋዊ ወከልቶም አብ ዝተረኽብሉ ወይ በማመልከቻ ኣብ ዝተረኽበሉ ወይ ብመምርሒ መሰረት ይኽፈት።

10 እዚ ዋጋ እዙይ ን30 መዓልቲ ፀኒዑ ይፀንሕ።

11 ፅ/ቤትና ዝሓሸ መማረፂ እንተረኺቡ ብሙሉእ ይኩን ብኽፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

ንተወሳኺ ሓበሬታ ብስ.ቁፅሪ 0344-490502/0914-132010/0933-384753 ደዊልካ ምሕታት ይከኣል።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle